# ናይ ሓዘን ጽንዓትን መግለጺ።

ካብ ኣብ ውሽጢ ሃገረ-ኤርትራን ኩሉ ኵርንዓት ዓለምን ዘሎና ስድራቤት ደገዝማቲ ገብረልዑል ተስፉማርያምን ምሉኣት ቤተ- ሰብ እንዳ ኣይተ ካሕሱን።

ብሞት ናይቲ እነፍቅሮ ፡ ወድናን ሓውናን ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፈደራል ዲሞክራሲያዊ ረፑብሊክ ኢትዮጵያ ፡ ኣቶ መለስ ዜናዊ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እንዳገለጽና ፡ ንስድርኡን ቤተ ሰቡን ከምኡ'ውን ንምሉእ ህዝብታት ኢትዮጵያ ጽንዓት ይሃበና ንብል።

ኣቶ መለስ ዜናዊ ፡ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያን ኣፍሪቃን፡ ንህዝቡ ብሰፊሑ ዝጠመየ ከዐንግል፡ ዝሓመመ ክፍውስ ፡ ዝደንቆረ ከምህር፡መሰሉ ዝተነፍጎ ፍትሕን ማዕርነትን፡ከንግስን ከኽብርን ፡ንሓንቲ ካልኢት'ውን ከይዓረፈን ኣፎይ ከይበለን፡ ተወዳዳሪ ዘይብሉ ዘልኣለማዊ ናይ ታሪኽ ሓወልቲ ምግዳፉ፡ ኣብ ህዝቡን ቤተሰቡን፡ ዘይቅህም ፍናን፡ ዘይበርስ ቅርሲ፡ ዘይጠፍእ መብራህቲ፡ ዘይጐድል ዘልኣለማዊ ክብሪ፡ ... ወዘተ ብምትራፉ ፡ ዝስምዓና ሓበን እንዳገለጽና፡ ንህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ብሓፈሻ፡ ንኹሉ ቤተሰብ ከኣ ብፍላይ፡ ዝጀመሮ ስራሕ ከይወድኣ፡ ጌና ኣብ 57 ዓመት ዕድመኡ ምኽላፉ ፡ሰፍ ዘይብል ክሳራ ንምኧኑ ምረት ሓዘንና ወሰን የብሉን። ኣቶ መለስ ዜናዊ ፡ ነቲ ኩሉ ዕድመኡ ምሉእ ከካይዶ ዝጸንሖ ፡ ሰናይን ቅዱስን ተግባራት፡ ብዘይ ደገፍን ምትብባዕን ፡ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ከብጽሖ ከምዘይክእል ብምእማን፡ ነቲ ንሱ ዝጀመሮ፡ መሰታ ዘይብሉ ናይ ህዝብን ሃገርን ህንጻት፡ ክቕጽልዎን ከማዕብልዎን ዘሎና እምነትን ትጽቢትን ፡ በዚ ኣጋጣሚ 'ዚ ንግልጽ። ንኣቶ መለስ ከኣ፡እቲ ኩሉ ጸሎትን ምሪር ሓዘንን ናይ ህዝቡን ቤተ-ሰቡን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዓሪግሉ፡ መንግስተ ሰማያት ይቀበሎ።

ካብ ቤተ ሰብ ወይዘሮ ኣለማሽ ገብረልዑል ።

8-30-2012